# ኣብ ናይ ሸወደን ተፈጥሮኣዊ ቦታታት ክሰዓብ ዘለዎ መምርሒ

ኣብ ሃገር ሸወደን ህዝባዊ መሰል ዘኽብር ሕጊ ኣሎ፡ ከምዚ ኪብሃል ከሎ፡ ኩሉ ሰብ ኣብቲ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ብናጻ ኪዛወር መሰል ኣለዎ ማለት እዩ፡ ወላውን ኣብ ናይ ብሕቲ ቦታ፡ ግን ከሳዕ ዘየረበሸን ከሳዕ ዘየበላሸወን እዩ።

ህዝባዊ መሰል ነንሕድሕድና ክንፋለጥን፡ ስጋ ክንጠብስን፡ ክንሕምብስን፡ ዓሳ ክንገፍፍን ከምኡውን ዓጋምን ቃንጥሻን ክንኣርን የኽእለና።



ኣብቲ ናይ ተፈጥሮ ቦታ ዳርጋ ኣብ ድላይካ ክትቅመጥ ትኽእል!

ኣብ ስፍራኣታኽልቲ ወይ ኣብ ግራውቲ ኣይትእቶ!




ኣብቲ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ምስ ስድራቤትን ብጾትን ስጋ ክትጠብስ ትኽእል!

ኣበየናይ ቦታ ስጋ ክትጠብስ ከም ዚግባእን ከም ዘይግባእን ተጠንቀቐካ ኣስተብህል።



ኣብቲ ናይ ተፈጥሮ ቦታ ብዙሕ እትገብሮ ነገር ኣሎ!

ዝኾነ ነገር ኣብ መሬት ኣይትደርቢ፡ ነቲ ጎሓፍካ ኩሉ ግዜ ምሳኻ ተማላኣዮ። ከምቲ ኣብ ኣጸድኻ እትገብሮ!



ንቐልቀል፡ ናብቲ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ርሒቕ ኢልካ ኪድ።

ወረቐት ተማላእ፡ ነቲ ቀልቀልካ ድማ ክደኖ።




ስድራኻ ኪበልዑዎ ወይ ከቃምምዎ ዚኽእሉ ዓጋምን ቈጽለመጽልን ቃንጥሻን ከም ድላይካ ክትኣሪ ትኽእል ኢኻ!

ሰራውር ኣይትምሓው፡ ጨንፈራት ድማ ኣይትስበር!



ኣብቲ እንሳሳታት ዘለዉዎ እተኸለለ መገሃጫ ክትዛወር ትኽእል ኢኻ።

ነቲ ናይቲ ሓጹር ማዕጾ ንምዕጻው ኣይተርስዕ ነቶም እንስሳታት ንኺዕቅብ ኢዩ ተሰሪሑ!



ካብቶም እትርእዮም ጽቡቓት ዕምባባታት ብብዝሒ ክትቅንጥብ ትኽእል ኢኻ!

ናይ ዕምባባታት ሰራውር ኣይትምሓው። ሓድሓደ ዕምባባታት ከይቅንጠቡ ክልኩላት እዮም። ኣብቲ ናትና ናይ ሓለዋ ተፈጥሮ ወብሳይት ኣንብብ፧



ነቲ ሕዙእ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ክትበጽሖ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ሕዙእ ቦታታት ዝደለኻዮ ክትገብር ኣይከኣልን። ነቲ ታቤላታት ተጠንቀቐካ ኣንብቦ! ወይ ድማ ኣብቲ ናትና ሓለዋ ተፈጥሮ ወብሳይት ኣንብብ፧



ኣብ ናይ ሃገር ሸወደን ተፈጥሮኣዊ ቦታታት፡ ብናጻ ክንንቀሳቐስ ንኽእል። ህዝባዊ መሰል ዚወሃበና ነቲ ሓባራዊ ከባቢና ብሓባር ክንጥንቀቐሉ ስለ ዘሎና እዩ!

ክትተናኽፍን ከተዕኑን የብልካን። ንዱርን መሬትን እንስሳን ኣይትጐዳእ። ኣብ ጽድያ ዝያዳ ጥንቃቐ የድሊ ምኽንያቱ ኣብቲ ወርሓት እንስሳታት ስለ ዚወልዱ ተነቀፍቲ እዮም።



ኣብ ዳርጋ ዝደለኻዮ ናይ ሃገር ሸወደን ቀላያት ወይ ርባታት ምሕጻብን ምሕምባስን ናጻ እዩ!

ይኹንምበር ኣብ ናይ ካልእ ሰብ መሬት ኣቲኻ ምሕጻብ ኣይከኣልን!



ማኪና ሒዝካ ናብ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ምኻድ ይከኣል እዩ/ኣብ ቀጥራን ዘይብሉ ናይ ሃገረሰብ ንኣሽቱ መገድታት ክትዝውር ትኽእል ኢኻ።

ማኪና ወይ ካልእ ተሽከርካሪ ካብቲ መገዲ ማኪና ወጺእካ ምዝዋር ኣይከኣልን!

**ከባብያዊ ጽርየት ሃገረ ሸወደን ንዓቅብ**

*Illustrationer: Johnny Dyrander*